ልኡል/በርሀ                ንግሆ+ቀትሪ                02-07-01

# ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና 74 ተመሃሮ ኣመሪቑ።

----------0----------

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ናቕፋ ብኤለክትሪክ፣ ጽርበት ዕንጸይቲ፣ መካኒክ፣ ብሓፈሻዊ ሜታልን ጽርበት ሓጺንን ንሰለስተ ዓመት ዘሰልጠኖም 7 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 74 ተመሃሮ ብ30 ሰነ ተመሪቖም።

ኣብቲ ኣመሓደርቲ፣ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታት ንኡስ ዞባ ናቕፋ፣ ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ወለዲ፣ ዓበይቲ ዓድን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፣ ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ብትምህርቶምን ካልእ ንጥፈታቶምን ጸብለልታ ንዘርኣዩ ተመረቕቲ 1ይን 2ይን ዓመት ተመሃሮን ብልጫን መተባብዒ ገንዘብን ዓዲሉ። ኣቶ ዑስማን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ መንግስቲ ኣብዛ ሃገር ዘሎ ኪኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ንምምላእ ዘኽእል ፖሊሲ ሓንጺጹ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃስ፣ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ብንዋትን መሳለጥያን ኣብ ደሓን ኩነታት ዝርከብ ኗ እንተኾነ፣ ብሸምቲ ዝድለ ንምምዕባሉን ብንዋት ንምዕጣቑን ቀጻሊ ጻዕርታት እዩ ዝግበር” ኢሉ።

ሓላፊ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኣቶ ብርሃነ ኣርኣያ ብወገኑ፣ እዞም ሎሚ ዝምረቑ ዘለዉ ተመሃሮ ፣ ወራር ወያነ ኣምኪና ባና ሰላም ተቐልቂሉ፣ ብኩናት ዝዓነወ ትሕተ ቅርጺና ዳግም ንምህናጽ ኣብ ንብገሰሉ ዘሎና እዋን ይምረቑ ብምህላዎም ከቢድ ሕልናውን ሃገራዊን ሓላፍነት ዘሰክሞም ምኳኑ ጠቒሱ፣ ተመረቕቲ ሓላፍነቶም ብዘይተጉላባነት ክትግብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ሃማምተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ መሓመድ ስዒድ ዑመር ድማ ብዝተፈላለየ ውድድራት ንዝተዓወቱን ብትምህርቶም ጸብለልትነት ንዘርኣዩን ተመሃሮ ብሃማመትኤ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ዝተዳለወሎም ናይ መተባብዒ ሽልማት ሂቡ።

ዊና ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ብ1985 ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ኩነታት ዝተመስረተ ኮይኑ፣ ካብ 1991 ንነጀው ብድምር 437 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ሞያ ኣመሪቑ ናብ ስራሕ ዘዋፈረ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት እዩ።፣

*****ኢ.ዜ.ኤ*******